# ሰላማዊ ሰልፊ ጊሰን ወትሩ ዕዉት

ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
ብ,በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን
Vielen Dank,,
ሰላማዊ ሰልፊ ጸረ ፈስቲቫል ህግደፍ
ከይቀስኑ እግሪ እግሮም ዓመት ዓመት
ካብ ፍራንክፈርት ንጊሰን ብሰብ ሐሞት
እንቢ ንዲክታቶር እወ ንፍትሒ ንሐርነት..

ኣብ ጊሰን ጀርመናዊያን ኣጀኹም ዝብሉና
ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ጊሰን ወትሩ ምሳና



Vielen Dank ኩሉ ግዜ ኣብ ጎድንና
ኣብ ጸሓይን በረድን ዘይፍለዩና..

ህግደፋዊያን ከይቀስኑ ምእንቲ
ሰላማዊ ሰልፊ ጸረ ኣዳኸርቲ
ሳዕሲዒት ዝልማዶም ከም ዛርቲ..
Vielen Dank,,
ንፈስቲቫል ህግደፍ ተቓውሞ
ክበሃል ዊዒሉ ጎበዝ ተሻሞ
ናይ ሓርነት ቃልሲ ክንዛዝሞ..

ትጵቢት ፈስቲቫል ህግደፍ ኣብ ጊሰን
መጣቓዕቲ የእዳው ንማንኪ ተጻብየን
ክንዲ ማንኪ ኣልኣሚን ምስ መጻን
ዝተጻበየኦ ሲኢነን ኣምለኽቱ ኣእዊየን..

ኣብ ጊሰን ኣብታ ታሪኻዊት ከተማ
ሰንቢዶም ብድርብ ማህረምቲ ሮማ
ገለ ብመኪና ገለ ብብሽክለታ ህድማ
ጊሰን ህግድፍ ከይቀስኑ ዓወት ደጊማ ..
Vielen Dank,,
ክስዕስዑ ዝመጹ ብብሽክለታ ብመኪና

*ክንዲ ዝብሉ ነብስና ፈቲና ተጋጊና*
*ኣተሃዳድማ ዕቡያት ክሃደሙ ሪኢና..*

*ዓገብ ተባሂሉ ጌጋ ዝደጋገመ*
*ክንዲ ደው ኢሉ ዝብል ጠሊመ*
*ነዓኹም የማስለና ከሎ ዝጠዓመ*
*እንዳ ሃደምካ ጉራ ንመን ዘይተገረመ..*

*ኣብ ሃገርና ክሳብ ዝራጋገጽ ሐርነት*
*እግሪ እግሮም ክሳብ ፍጹም ዓወት*
*ጃንዳ ህግደፍ ቀሲ ንኩም ማለት ዘበት..*
*Vielen Dank,,*
*ኣድጊ ስ ካብታ ሞታ ምጉታታ*
*ኣብ ቀይዲ ምስ ኣተዉ መዕነውታ*
*ስምዕታ ደጊም የሎም መጸዋዕታ*
*ክትነብዑ ኢኹም ማንታ ማንታ..*

*ደለይቲ ፍትሒ ኣጆኹም ኣጆና*
*ንጃንዳ ህግደፍ ክንዕወተሎም ኢና*
*ብድሕሪኦም ሰላም ክሰፍኖ ዓድና..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ, ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና። ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ኮራኹሮምን፡*